Lillestrøm
kommune

# ምስ መውዓል ሕጻናት ሊለስትሮም ምልምማድ

## ናይ ሓበሬታ ብሮሹር ንወለዲ

# ኣብ ኮሙነ ሊለስትሮም መውዓል ሕጻናት ስለ ዝረኸብካ እንቋዕ ደስ በለካ!

መውዓል ሕጻናት ምጅማር ንዓበይቲ ኈነ ንንኣሽቱ ባህ ዘብል ግዜ እዩ።

ወለዲ ኣብቲ ናይ ምልምማድ ግዜ ካብቲ መውዓል ሕጻናት እንታይ ትጽቢት ከገብሩ ከም ዘለዎም ክፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። ወለዲ ንባዕሎም እውን ውሑስን ጽቡቕን ጅማሮ ምእንቲ ክኸውን እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎም ክፈልጡ ኣገዳሲ እዩ።

እዛ ብሮሹር፡ ንወለዲ ዝኸውን ሓበሬታን እቲ መውዓል ሕጻናት ኣብ ምልማድ ብኸመይ ሓገዝ ከም ዝገብርን ክትገልጽ እያ።




# ጽቡቕ ዝኾነ ናይ ምልምማድ መደብ

ኮሙነ ሊለስትሮም እተን ናይ ኮሙነ ዝኾና መውዓል ሕጻናት ክጥቀማሉ ዝግደዳ፡ እተን ናይ ውልቂ መውዓል ሕጻናት እውን ክጥቀማሉ ዝኽእላ ናይ ምልምማድ መደብ ኣለዎ። እተፈላለያ መውዓል ሕጻናት ነቲ ናይ ምልምማድ መደብ ከከም ኹነታተን ክጥቀማሉ እየን። ነፍሲ ወከፍ መውዓል ሕጻናት እቲ ዝጅመረሉ እዋን ክቐርብ ከሎ ንወለዲ ተወሳኺ ሓበሬታ ይህባ እየን።

እቲ ጽቡቕ ዝኾነ መደብ ብዛዕባ ርክብን ምልማድን ኣብ እተገብረ መጽናዕትን ኣብ ክልሰ ሓሳብ ናይ Trygghetssirkelen (ዓንኬል ውሕስነት) ከምኡውን ኣብ ሞዴል ናይ ጃታ መሰረት ዝገበረ እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣብቲ ምስ ወለዲ ዝግበር ኣኼባ ዝያዳ ሓበሬታ ኽወሃብ እዩ።



## ምስ መስርሕ ምልምማድ ብዝተሓሓዝ ወለዲ እዚ ዝስዕብ ኣጋጣሚ ኣለዎም፦

**ንሓደስቲ ወለዲ ዝዳሎ ኣኼባ ወለዲ**
ኣብዚ ኣኼባ ብዛዕባ መስርሕ ምልምማድ ነዚ መሰረት ዝኾነ ክልሰ ሓሳባትን ሓበሬታ ይውሃብ

**ቅድሚ ምጅማር ዝህሉ ናይ ብምጻሕ መዓልትታት**
ሓደ ሕጻን መውዓል ሕጻናት ቅድሚ ምጅማሩ እቲ ሕጻንን እቶም ወለድን ናብቲ መውዓል ሕጻናት መጺኦም ምስቲ ቦታን ምስቶም ሰራሕተኛታትን ክላለዩ እቲ መውዓል ሕጻናት ኣጋጣሚ ይህብ እዩ

**ምስ ሓላፊ ስነ ምምህርና (ፔዳጎጂ) ንምልላይ ዝግበር ዝርርብ**
እዚ ዝርርብ ቅድሚ ሓደ ሕጻን መውዓል ሕጻናት ምጅማሩ ዝግበር ኮይኑ፡ ዕላማኡ ድማ እቲ መውዓል ሕጻናት ብዛዕባ እቲ ሕጻንን ብዛዕባ ስድራቤቱን ንኽላመድ ዝሕግዞ ሓበሬታ ምርካብ እዩ

**ምስ ሓላፊ ስነ ምምህርና (ፔዳጎጂ) ዝግበር ናይ ጅማሮ ዝርርብ**
እዚ ዝርርብ ሓደ ሕጻን መውዓል ሕጻናት ድሕሪ ምጅማሩ 2-6 ሰሙን ጸኒሑካ ዝግበር ኮይኑ፡ ዕላማኡ ድማ እቲ ሕጻና ኣብቲ መውዓል ሕጻናት ብኸመይ ይላመድ ከም ዘሎን እንታይ ተወሳኺ ሓገዛት ክግበረሉ ኸም ዝኽእልን ንምዝርራብ እዩ።



## ጠቓሚ ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ ጽቡቕ ጅማሮ ኣብ መውዓል ሕጻናት

ኣብ ምጅማር መውዓል ሕጻናት፡ እቲ ሕጻን ኣብ መውዓል ሕጻናት ውሑስን ጽቡቕን ጅማሮ ንኽህልዎ ኣብ ምሕጋዝ ናይ ወለዲ ግደ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሕጻናት ናይ ወለዶም መልሰ ግብርን ኣካላዊ መግለጺታትን እናተዓዘቡ እዮም ንሸነታቶም ምስ ከባቢኦም ዘተዓራርዩ።
ስለዚ፡ ወለዲ ንውሉዳቶም እቲ መውዓል ሕጻናት ክጻወቱሉ፡ እተፈላለየ ነገራት ክገብሩሉ፡ ምስ ካልኦት ዓበይቲ ክኾኑሉ ዝኽእሉሉ ውሑስ ቦታ ኸም ዝኾነ ኽግንዘቡ ክሕግዝዎም ኣለዎም።



## ጠቓሚ ሓበሬታ ንወለዲ

- ነቲ ደጋዊ ክፋል እቲ መውዓል ሕጻናት ካብ ሰዓታት ስራሕ ወጻኢ ኬድካ ርኣዮ
- እቲ ሕጻን ቅድሚ መውዓል ሕጻናት ምጅማሩ ምስቲ ናይ ምሳሕ መትሓዚ ኣቕሓኡ፡ ምስ ማይ መስተዪኡ፡ ምስ ቦርሳኡ ኣላልዮ
- እቲ ሕጻን ክሳዕ ዝላመድ ክሕግዞ ዝኽእል ከም ጡጦ፡ ጨርቂ፡
- ባምቡላ፡ ዝኣመሰለ ዝፈልጦን ዝፈትዎን ነገራት ሒዝካሉ ምጻእ
- ኣብቲ ብመደብ ኣተታሕዘ ናይ ምብጻሕ መዓልትታት ኪድ
- ኣብቲ ንሓደስቲ ወለዲ ዝዳሎ ናይ ወለዲ ኣኼባ ተኣከብ



- ውሉድካ ነቲ መውዓል ሕጻናት ንኽላመዶ እንተ ወሓደ ሓሙሽተ መዓልቲ መድብ
- ተርጓማይ ዘድልየካ እንተ ኾይኑ ነቲ መውዓል ሕጻናት ሓብር
- ኣብቲ ናይ ምልማድ መዓልትታት ሓደ ወላዲ ጥራይ እዩ ኽመጽእ ዘለዎ
- እቲ ሕጻን ናብ መውዓል ሕጻናት ኣብ ዝመጸላ መዓልቲ፡ ነታ መዓልቲ ብህድእ ዝበለ ሃዋህው ክጅምራ ሓግዞ
- ኣብቲ ናይ ምልምማድ ግዜ፡ እቲ ሕጻን ኣብ ገዛ ህዱእ ሃዋህው ክረክብ መደብ ግበር
- ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ምስ መውዓል ሕጻናት ንምርኻብ ኣይትሰከፍ



Tigrinja

Layout/Print: Grafisk printsenter rådhuset 08.2021